ኢንተርፕራይዝ መፅናዕቲ ፣ዲዛይንን ቁፅፅርን ስራሕቲ ማይ ትግራይ ን2011 በጀት ዓመት ዘድሊ ቪድዮ ካሜራ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ ካብዚ ቐፂሉ ዘሎ መሰፈርቲ እተማልኡ ተወዳደርቲ ትካል ዘዳለዎ ጨረታ ሰነድ ብምውሳድ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ታሕሳስ 8, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 19, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 20, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ብዘርፉ ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግድ ፍቓድ ኮፒ ከተታሓሕዙ ትክእሉ::

2 ናይ መቅረባይ ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ቲን ቁፅሪ ዝሓዘ ኮፒ ከተታሓሕዙ ትክእሉ::

3 ናይ ቫት ሰርቲፊኬት ኮፒ ክተቅርቡ እትኽእሉ ዘቕርቡዎ መወዳደሪ ዋጋ ቫት ዘሓወሰ ክኸውን ኣለዎ። :ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ቫት ዲክለር ዝገበርኩምሉ ኮፒ ክተቕርቡ እትኽእሉ

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ 3000.00 ብር ብሲፒኦ ክትሕዙ ዝኽእሉ፤

5 ዝተኣዘዘ ንብረት ኣሸናፊ ኮይኖም እንትረኽቡ 10% ውዕሊ መኽበሪ ብምትሓዝ ውዕሊ ካብ ዝኣሰርሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልትታት ኣጠቃሊሎም ኣታዊ ይግበሩ።

6 መቅረባይ ከይፈፀሞ ካብ ዝተረፈ ጠቕላላ ናይቲ ውዕሊ ዋጋ በብመዓልቱ 0.1% ወይ 1/1000 ቅፅዓት ዝከፍል ምኺኑ ፈሊጡ ንብረት ብእዋኑ ከእቱ ይግባእ።

7 ጨረታ አብ አየር ዝፀንሐሉ ጊዜ ካብ ዕለት 05/04/2011 -19/04/2011 ዓ/ም ኮይኑ ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 8:30 ድ.ቀትሪ ተዓሺጉ ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት 9:00 ይኽፈት::

8 ትካልና ካልእ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዘ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስቕ 0344-418556 ምርካብ ይካአል እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle